# ንኣብዶ ህዝብና

ንኣብዶ እንዶ፡ ህዝብና ንኣብዶ
ይሳቐ'ሎ ተደኒሱ ኣብታ ኣጕዶ
ንሕርሲ ድ'ዩ ንሞት ሰብ ዘይፈልጦ
ጕዳም ህዝቢ ወሪድዎ ዓንጸዓንጸ ንማዕጸ
ብሓደኣፊቱ ማዕጸ ተራሕዩ መሊሱ ክዕጸ
ዘራእቲ ቦቑሉ በረድ ክቕጥቅጦ
እቲ ዝተረፈ ውሕጅ ክወስዶ
ዓውድና ጨቅዩ ድራርና ክዓግቶ
ኣኸዛና'ስ ድሓን'ዩ ነይሩ ኣብቲ እዋን እቶ እቶ

ይስሓል ኣሎ ሰብና ብእምበለ ኣፍልጦ
ንሕና ንርኢ፡ እንዳረኣና ጋዶ
ካብ ማህጸኑ ዝወጸ ወተጉ ክሓርዶ
ካብ ሕቑፉኡ ዝወጸ ልቡ ክሕንጥጦ
ማዳ ምስ ማዳ ተጓራቢቱ ገጹ ክልብዶ
ቆርበቱ ከም ልሕጺ ሰራው ክቐልጦ
ለምጺ'ድዩ ሕማም ጻዕዳ እንዳበለ ክገግዮ ዝፈልጦ
ነቲ እንኮ ውላዱ ካብ ዝባኑ ክቕንጥጦ

ሰብ'ዶ የለን'ዩ ንሰብ ዘእዊ
ኣብ ናሕሲ ደይቡ ድሃዩ ውሃቢ
ኣፍከ የለን'ድዩ ዝነግር ዝጸዊ
ንሓዳሪ ሰዓል ሑእ ኢሉ ዘሕዊ
እንታይ ድኣ'ዩ እዚ ህዝቢ ዝግዕር፡ ዘእዊ
ጭጕራፍ እኳ ንነብሳ ወቒዓ ተእዊ
ጐያዩ ብርኪ'ኸ ክሳብ መዓስ ክስበር ክደዊ
ጭቃ'ኸ ክሳብ መዓስ ጸበል ኰይኑ ከሕዊ
ለጋስ ኢድ ክሳብ መዓስ ክኸውን መቐበል ሓዊ
ክሳብ መዓስ ኢኻ ትምህለል ኤርትራዊ
ንዘይሰምዕ ደብሪ እሆይ ኢሉ ዘይጸዊ
ድሕሪ ሞት ጥዕና እንታይ ከሕዊ
ድሕሪ ጥዕና'ኸ እንታይ ኣሎ ንሂወት ዘርዊ፧

ኣንቱም ሰብ ንዑ ነዚ ህዝቢ ንብከየሉ
ነቲ ገበን እንከይበልና ኣሉ
ነቲ ዓመጽ ክላ እንድዕሉ
ይመስክሩ እቶም ኣብኡ ዝወዓሉ
ይውዓሉ እቶም ኣብኡ ዘይወዓሉ
ዓጽሞም ስቡር ገላዕላዕ ዝበሉ
ልቦም ብስብሩ ባሕሪ ዝሰገሩ
ይእመኑ እቶም ገና ዝብሉ ኣሉ
ድምጾም ይሃቡና ድምጾም ከይበለሉ
ብስራቶም ይምጻእ ብስራት ሓዚሉ
ቶባእ ንበሎ ንሸናት ፡ ሸናት ተመጸና ተወርዊሩ
ሞት ሓዚሉ፡ ሞት ሓንጊሩ፡ ባሩድ ጸይሩ

ልብና ክቕንጅሕ ምስ ደምና ሓቢሩ
ምዓር ሰንከላይ ኣይኮነን ዝብላዕ ተበርቢሩ
መርዚ'ዩ ንነብሲ ዝብሕጉጉ ኣብ ነብሲ ሓኹሩ
ንሂወት ዘጽንት፡ ንሂወት ኣሕሪሩ
ሓደ መዓልቲ ግን ኣብ ማይ ዝኣቱ ተቖጺሩ

ህዝብና መታን ክነብር፡ መታን ክህሉ
ኣባጅጎ'ውን ይኣኽለኩም ክብለና ተሳሃሉ
ይኣኽለና ድምጺ ናየናብስ፡ ድምጺ ናይ ቶኽሉ
ምጉዛም ዝፈትዉ ዓዲ ክቕልቀሉ
ምሕንሓን ዝፈትዉ ከም ጉሓሉ
ድራጎን'ድየ ክብሎም ዝራባዓት ንሓጥያት ዝሸቅሉ
ወይ ከምቲ ዓቢ አርወ ሂወት ዝውሕጥ ጠጠቕሊሉ
ዓዲ ምስአተዉ ስጋ ዝእዝዙ፡ ስጋ ምስ ዝልዛሉ
ቋንጣ'ኳ ዘየናሕስዩ እንተርኣዩ ኣብ ሰንቀ ተሰቒሉ
ፋሎም ሕማቕ እንትንኦም ኾሉ
ንሕና ብሰላም ከነዕልል ብኩናት የዕልሉ
መኣዲ ክቕረብ ካራ ይስሕሉ
ምስቲ ህዉጽ ልቦም አጽዋሮም ይውልውሉ
ንግናይ ኰብሊሎም ግናይ ዘገልግሉ
በሉ ይኣኽለኒ ሎሚ'ስ ሓሜን ድዩ ዋጣ ከይትብሉ
ብሰላም ቀንዩለይ ድሓን ዓሉ
ንስኹም ትሳቐዩ ኣነ ብኣኹም የቕለሉ

ሰለሙን ይከኣሎ
12/2007